በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፣ ኣሜን።

# መስቀል

“ወወሃብኮሙ ትእምርተ ለእለ ይፈርኁከ ከመ ያምሥጡ እምገጸ ቅስት ወይድኃኑ ፍቁራኒከ” መዝ. ፶፱ ፬

“ስለ ሓቂ ምእንቲ ኪለዓል ነቶም ዝፈርሁኻ ሰንደቕ ዓላማ ሃብካዮም” መዝ. 60፡4

መስቀል ብርሃን ለኩሉ ዓለም ዓምዳ ወድዳ ለቤተ ክርስቲያን። መስቀል ንኹሉ ዓለም ዘብርህ መሠረትን ዓምድን (እምነትን) ቤተ ክርስቲያን እዩ። (ድጉዓ ዘቅድስት) ንሱ ነቶም ክልተስ ሓደ ዚገበረ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ ከልካሊ ቀጽሪውን ዘፍረሰ ሰላምና እዩ። .... ብመስቀሉ ነቲ ጽልኢ ቀቲሉ፣ ንክልቲኦም ብሓደ ሥጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቖም።” ኤፌ. 2፡14-17

ኣዳምን ሄዋንን ትእዛዝ ፈጣሪኦም ጥሒሶም ፈጣሪኦም ኣሕዚኖም ሕይወቶም ምስ ጎድኡ፣ ንመጀመርታ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተዋህበ ተስፋ “ዘርኢ እታ ሰበይቲ ርእሲ ተመን ኪጭፍልቖ፣ እዩ።” ዚብል ኣምላኻዊ ቃል እዩ ነይሩ። ዘፍ.3፡15 እዚ ከልካሊ (ቀጽሪ) ኣዳምን ሄዋንን ምስ ፈጣሪኦም ንኸይራኸቡ፣ ዓቢይ ከልካሊ ኮይንዎም ነበረ።

እነሆ ኢድ እግዚኣብሔር ንምድኃን ሓጻር ኣይኮነትን ከይሰምዕ ከኣ እዝኑ ኣይጸንዖን እዩ። ግናኸ ኣእዳውኩም ብደም ኣጻብዕኩም ብበደል ረኺሰን ከናፍርኩም ሓሶት ይዛረብ ኣሎ። እሞ ንኣኹምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኮይኑ ዝፈላልየኩምሲ ኃጢኣትኩም እዩ። ኢሳ. 59፡ 1-4 እቲ ንወዲ ሰብ ካብ ፈጣሪኡ ክፈልዮ ዝኽእል እምበኣር ኃጢኣት ጥራይ እዩ። “ ገጽካ ከዊልካልና ብሰሪ ኣበሳና ኸኣ ደርቢኻና ኢኻ እሞ፣ ስምካ ዝጽውዕን፣ ንኣኻ ክሕዝ ኢሉ ዝትንስእን ሓደ እኳ ኣይነበረን” ኢሳ. 64፡ 7 ኢያ. 7፡ 11 ሆሴ.5፡5-8

እግዚኣብሔር ነቲ ኣብ መስቀልን ብመስቀል ኪፍጸም ዘለዎ ዕርቀ ሰላም ንነቢያቱ ብብዙሕ መንገዲ ይገልጸሎም ነበረ። ዕብ. 1፡1-2 ወኣስተሓለፈ እዴሁ ላዕለ ኤፍሬም ወምናሴ “ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኤፍሬምን ምናሴን ኣመሓላለፈ።” ዘፍ. 48፡ 14-20።

እስራኤል ኢዱ ኣመሳቊሉ ብትእምርተ መስቀል ዝባረኸሉ ምኽንያት፡ እቲ ብዘርእኻ ኩሎም ኣሕዛብ ኪባረኹ እዮም ዚብል ተስፋ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ከም ዚፍጸም ብትንቢት ስለ ዝተገልጸሉ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ዮሴፍ ነቲ ምሥጢር ምምስቓል ኣእዳው ኪቕይሮ እንተደለየ፡ ያዕቆብ ግና ፈሊጠ ኣሎኹ ወደየ ብምባል ትንቢትን እምበር ጌጋ ከም ዘይኮነ ነገሮ ዘፍ. 48፡ 19

ሙሴ እቲ ዓቢይ ናይ ኣምላኽ ሰብውን ነቲ ብመስቀል ኪፍጸም ዘለዎ ድኅነት ቅድሚ ብዙኅ ዘመናት ነቶም ዝመርሖም ዝነበረ ሕዝቢ፡ ከምዚ ኣረድኦም፡ … ኣነ ጽባሕ በትሪ ኣምላኽ ኣብ ኢደይ ሒዘ ኣብ ርእሲ እቲ ኩርባ፡ ደው ክብል እየ።" ዘፀ. 17፡9 እዚ ብኢድ ሙሴን ኣሮንን ዝተፈላልየ ተኣምራት ዝገብር በትሪ ኣምላኽ እቲ ኣብ ቀራንዮ ብልሒ ሞት ዘጥፍአ መስቀል እዩ እቲ ኣብ መወዳእታ ዝሰዓር ጸላኢ ከኣ ሞት እዩ።" 1ቈሮ. 15፡26 እቲ በትሪ ኣምላኽ እዚ ትእምርቲ መስቀል ምንባሩ ከኣ መጽሓፍ ቅዱስ ብከምዚ ይገልጾ። " ኮነ ከኣ ሙሴ ኢዱ ምስ ዘልዕል እስራኤል ይስዕር፡ ኢዱ ምስ ዘውርድ ድማ ኣማሌቅ ይስዕር ነበረ።" ዘፀ. 17፡11 እቲ ንሙሴ ኣብ ርእሲ ኩርባ፡ ንኢያሱ ድማ ኣብ ዓውደ ኲናት ሓደ ዝገብሮም ዝነበረ እቲ ብትእምርተ መስቀል (ብምልዓል ኣእዳው) ዚዓዩ ዝነበረ ረድኤት እግዚኣብሔር እዩ። ብእኡ ብደም መስቀሉ ጌይሩ ሰላም ምስ ገበረ፡ ከኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኩሉ ንርእሱ ተዓረቕዎ እዩ። ቈላ.1፡20

እቲ ኣብ ማእከል ምድሪ ኣብ ቀራንዮ ኪፍጸም ዘለዎ፡ ተስፋ ንደቂ እስራኤል ንምርድኡ ይኸብዶም ስለ ዝነበረ፡ እግዚኣብሔር ብበበይኑ ምሳሌታት ይገልጸሎም ነበረ። " እግዚኣብሔር ከኣ ንሙሴ ዚነድድ ተመን ንኣኻ ግበር፡ ኣብ ባላ ድማ ስቐሎ። ክኸውን ድማ እዩ እቲ እተነኽሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ ኪሓዊ እዩ። ሙሴ ከኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ። ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ኮነ ከኣ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነኸሰ፡ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዚጥምት፡ ይሓዊ ነበረ። ዘኍል.21፡8-9

እቲ ኣብ ልዕሊ ባላ እተሰቕለ ኣስራዚ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሳሌ ምዃኑ "ንእኡ ዚኣምን ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኪረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግብኦ እዩ።" ዮሓ. 3፡14-15

ዝነዱ ኣትማን እቶም ተናኸስቲ። ከምቲ እቶም ኣትማን ብሕንዞም ነቲ ሕዝቢ ዝጎድእዎ፡ ዲያብሎስ ከኣ ብክፉእ ምኽሩ ንኣዳምን ንዘርኡን ዝቐትሎም ናይ ዲያብሎስ ምሳሌ እዩ ተመን ኣስራዚ። ተመን ኣስራዚ ሕንዚ የብሉን። ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስውን ኣበሳ ዘይብሉ ንጹሕ እዩ እሞ፡ ናይ ክርስቶስ ምሳሌ እዩ። ኢሳ. 53፡9 ማቴ.27፡24

ከምቲ ናብ ተመን ኣስራዚ ዝጥምት ዝሓዊ ዝነበረ፡ ናብ ክርስቶስ ብእምነት ዝጥምት ከኣ ካብ ኃጢኣቱ ይነጽህ። "ናብቲ ሕፍረት ንዒቑ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጎስ ኢሉ መስቀል

እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት።” ዕብ.12፡2 ፊል.3፡20

ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ትንቢት ንምፍጻም፡ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ማእከል ምድሪ ኣብ ቀራንዮ ተሰቕለ። መዝ. 74፡ 12-13

ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ነዚ ኣብ መስቀል ዝተገብረላ ክብሪ ኣምላኽ ንምዝካርን ንምኽባርን፡ ዓመት ዓመት ከተብዕሎ ትነብር። እዚ እተገብረሉ ምኽንያት፡ ከኣ ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝገለጾ፡ “ በቲ መስቀል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዓለም ብእኡ ነዓይ እተሰቕለት፡ ኣነውን ንዓለም እተሰቐልኩ፡ እንተ ዘይኮይኑስ ትምክሕቲ ዘበለ ካባይ ይርሓቕ” ገላ. 6፡14 ቤተ ክርስቲያንውን ኣሰር ሓዋርያ ጳውሎስ ብምኽታል፡ “መስቀል ኃይልነ፡ መስቀል ጽንዕነ፡ መስቀል ቤዛነ መስቀል መድኃኒተ ነፍስነ፡” ብምባል ነቲ ንኣኣ ንምቕዳስን ንምድኃንን ክብል ኣብ መስቀል እተፈጸመ ሕማማተ መስቀል ክትዝክር ትነብር ኣላ።

- መስቀል ማለት ሰላም እዩ ኤፌ. 2፡13-17
- መስቀል ማለት ኃይሊ ኣምላኽ እዩ 1 ቈሮ. 1፡18-19
- መስቀል ማለት ንጸላኢ እንስዕረሉ መሳርሒ እዩ። ቈላ. 2፡14-15

ምጽዋር ቅዱስ መስቀል።

ዝኾነ ክርስቲያን መስቀል ምጽዋር ከም ዝግብኦ ክፈልጥ ኣለዎ። “መስቀል ኣልዒሉ ደድሕረይ ዘይስዕብ ነዓይ ኣይበቅዕን እዩ። ማቴ. 10፡38 እዚ ከኣ ኩሉ ኣማኒ ብቕዓት እምነቱ በቲ ዝጸሮ መስቀል ይምዘን ማለት እዩ። መስቀል ምጽዋር ማለት ነቲ ንሕና እንበሮ ሕይወትን እንሰርሖ ስራሕን፡ ምስቲ ንሕና እንሕዞ መስቀል ብግብሪ ዝሳነ ክኸውን ኣለዎ። “ንኹሎም ከኣ ደድሕረይ ኪስዕብ ዝደሊ ነፍሱ ይኽሓድ፡ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ፡ ይስዓበኒ በሎም።” ሉቃ.9፡23 መስቀል ምጽዋር ማለት፡ እምበኣር ንዓለምን ፍትወቱን ንዒቕካ ደድሕሪ ጽድቅን እምነትን ፍቕርን ሰላምን ምስዓብ ማለት እዩ።

እቶም ንእግዚኣብሔር ዘሥመርዎ ቅዱሳን ኣቦታት ከኣ፡ በዚ መንገዲ እዚ እዮም ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኦም ሞገስ ዝረኸቡ። “እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ከኣ ነቲ ሥጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒለምዎ እዮም። ገላ. 5፡24 ስለዚ መስቀል ማለት ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ፡ ትእምርተ ምድኃን ማለት እዩ። ንሕናውን መዓልቲ መዓልቲ እግዚኣብሔር ዘይከብረሉ ሓሳባትን ግብርታትን ኣልጊስና፡ ተኻፊልቲ መስቀሉ ክንከውን ይግብኣና።

“እቲ ዝሞተ ካብ ኃጢኣት ሓራ ወጺኡ እዩ እሞ፡ እዚ ደጊም ንኃጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ኃጢኣት ሥጋ ምእንቲ ክጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ከም እተሰቕለ ፈሊጥና፡ ኣሎና።” ሮሜ 6፡6 “ኣነስ ንኣምላኽ ብሕይወት ምእንቲ ክነብር፡ ካብ ሕግስ ብሕጊ ሞትኩ፡ ምስ

ክርስቶስ ተሰቒልኩ፡ ገላ. 2፡ 19 ስለዚ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣካላትኩም ቅተሉ፡ ምንዝር ርኽሰት፡ ፍትወት ሥጋ፡ ክፉእ ትምኒት ስስዐ፡ እዚ ድማ ኣምልኾ ጣኦት እዩ።" ቈላ. 3፡5 ገለ ካብቲ ክንገብሮ ዝግብኣና፡ እዚ ዚስዕብ እዩ። " እምበኣርከስ ከም ሕሩያት ኣምላኽን ቅዱሳንን ፍቑራትን ኰንኩም፡ ምሕረት ልቢ፡ ለውሃት፡ ዓቕሊ፡ ትዕግስቲ ልበሱ። ከምቲ ክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም ንስኻትኩምውን ከምኡ ይቕረ በሉ። ኣብ ልዕሊ እዚ ኩሉውን ፍቕሪ ማእሰር ፍጻሜ እያ እሞ ልበስዋ ቈላ. 3፡12-15 1ቈሮ.13-4-8።

እዚ ንምፍጻም እግዚኣብሔር ብጸጋኡ ይደግፈና።

**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤት ክርስቲያን**
**መንበረ ፓትርያርክ ክፍሊ መንፈሳዊ ትምህርቲ።**